ኣብርሃ ዓርከይ ልኡም ጠባይ ንኹሉ መኽበሪ

ጎይታ ዓቕሊ ኔርካ ዘይትኹሪ

ኣእምሮኻ ሰፊሕ ንዝደሊ ምኽሪ

ንኹሉ ብህድኣት ኣላዪ፡ ጸዋሪ

ኩሉ ኣብ ልብኻ፡ከብድኻ'ውን ባሕሪ

ንስነስርዓት ንሕጊ ንስኻ መሃሪ

ርእይቶ ሓሳባትካ ሃናጺ ዝተሰነየ ብግብሪ

ንዘጋጥም ፈተነታት ብትብዓት ተጋሪ

ብልግሲ እንተኾነ ንስኻ ፈተውራሪ

ቃል ኪዳንካ ጽኑዕ መሰረቱ ፍቕሪ

እከይ ዘይትፈቱ ብዘካ ሰናይ ግብሪ

ጽኑዕ ኣማኒ ኔርካ  መጽሓፍ ቅዱስ መርማሪ

ፈሊጥካዮ ጸኒሕካ ትእዛዝ ናይ ፈጣሪ

ክትውሰኽ ከም ዘይከኣል ኣብ ዕምርኻ ስድሪ

ንስኻስ!!ንስኻስ!!ዕሽርካ ዘሪእካ ኢኻ ኣብ ሰማይ ዝፈሪ

ንኣምላኽ  ዜሐጉስ ናይ ሕሩያት ግብሪ

ኣብርሃ ዓርከይ እሞ እንካብ ሰልቸወካ ናይ'ዚ ዓለም ጻዕሪ

 ስሰዐ፣ሃነፍነፍ፣ሸበድበድ ንሓላፊ ክብሪ

ምኻኑ ፈሊጥካ ናይዛ ዓለም መርዓ: ፍጻሜኡ ቀብሪ።

ንዓና ግን  ኣብርሃ! ንዓና ግን!መተካእታ ዘይብልካ ኣእቲኻልና ቁሪ

ኣብርሃ ዓርከይ ስንብታ ካብ ኮነ ካብዛ ስፍራ ስቓይ ምድሪ

ኢየሱስ ይቀበልካ ኣብ ቦታኡ ናይ ዘልኣለማዊ ክብሪ

ስለ ብርኽቲ ሓብትና ንጸሊ ምሕረት ክልእከላ ኢየሱስ መሓሪ።

ጽንዓትን ብርታዔን ይሃብ ንሕዞናን 'ቲ ኩሉ ዝከኣሎ ፈጣሪ።

ብልቢ ዘፍቅረካ ዓርከኻ፡

መም/ ተኸለ ስብሃቱ